Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ናይ መጀመርታ ናይ ኦሪንቴሽን ኮርሳት

ንሓተትቲ ዑቑባን ስደተኛታትን።

TIGRINJA



Integration

## ኣብ ናይ መጀመርታ ኦሬንቴሽን ኮርስ መን ክሳተፍ ይኽእል

እቶም ናይ መጀመርታ ናይ ኦሬንቴሽን ኮርሳት (Erstorientierungskurs = EOK) ብፍላይ ነቶም ዕቑባ ዝደልዩ ከም መእተውን ኣንፈትን ገይሮም ንኽረኽብዎ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ። ነጻ ቦታታት እንተሃልዩ ካልኦት ሰባት እውን ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነት ዕቑባ ክረኽቡ መሰል ዘለዎም ሰባት ወይ ሰደተኛታት ሕብረት ኤውሮጳ።

እቲ EOK ኣብ ናይ ውህደት ኮርስ ናይ ምክፋል ዕድል ዘይብሎም ወይ ናይ ውህደት ኮርስ (ገና) ቅኑዕ ቅድመ-ምድላው ዘይኮኑ ሰባት ጥራይ ዝዓለመ እዩ።

ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ህጻናትን መንእሰያትን (ናይ ግዴታዊ ዕድመ ትምህርቲ ዘለዎም ሰባት) ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ ኦሬንቴሽን ኮርስ ክሳተፉ ኣይክእሉን።



## ኣብቲ ኮርሳት እንታይ ትመሃሩ

ኣብ EOK ናይ መጀመርታ ፍልጠትኩም ብዛዕባ ቋንቋ ጀርመን ክትረኽቡ ኢኹም፡ እዚ ድማ ኣብዚ መንገድኹም ክትረኽቡ ከድልየኩም እዩ። ብመንጽር ትሕዝቶ ኩሉ ኣብ ዙርያ መዓልታዊ ህይወትኹም ዝዘውር እዩ። ኣብቲ ኮርሰ ብዛዕባ እዞም ዝሰዕቡ ኣርእስታት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፤

- ኣብ ጀርመን መዓልታዊ ህይወት
- ሰራሕ
- ዕዳጋ ምግባር
- ጥዕና/ሕክምናዊ ክንክን
- መዋእለ ህጻናት/ቤት ትምህርቲ
- ኣጠቓቕማ መራኸቢ ብዙሃን ኣብ ጀርመን
- ከባብያዊ ኣንፈት/ትራፊክ/ምንቅስቓስ
- ሰነ-ምግባርን ልምድታትን ኣብ ጀርመን/ከባብያዊ ፍሉይነት
- ብዛዕባ ገዛእ ርእስኹምን ብዛዕባ ካልኦት ሰባትን/ማሕበራዊ ርክባትን ምዝራብ
- ቀዋሚ
- ሰነ-ምግባራዊ ስርዓታትን ህላወን



መምህር EOK ካብዞም ኣርእስታት ሓሙሽተ ምስ ድሌት ተሳተፍቲ ዝሰማማዕ ይመርጽ። “ሰነ-ምግባራዊ ሰርዓታትን ህላወን” ዝብል ሞጁል እውን ኣሎ። ኩሉ ተሳታፊ ክሳተፍ ይግባእ። ኣብዚ ንኻልእ ነገራት ሓዊሱ ኣየኖት መሰረታዊ ክብርታት ንህይወት ጀርመን ዝውስኑን እዚኦም ኣብ መዓልታዊ ህይወት ብኸመይ ከም ዝቕረጹን ክትመሃሩ ኢኹም።

እቲ ትምህርቲ ብዑደት ይምለእ እዩ። ኣብዞም ምስቶም ካልኦት ተሳተፍቲ ናብ ሰበሰልጣን፣ ናብ ቤተ መጻሕፍቲ ወይ ዕዳጋ ንኣብነት ትኸይዱ። እዞም ዑደታት እዚኣቶም መንገድኹም ንምርካብን ነቲ ዝተማሃርኩምዎ ብተግባር ክትፍትንዎን እውን ይሕግዙኹም።

## ሓደ ኮርስ ክንደይ ሰፊሕ እዩ

ሓደ ኮርስ ነፍሲ ወከፎም 50 ኣሃዱታት ምምሃር ዝሓቖፈ ሽዱሽተ ሞጁላት ዝሓዘ ኮይኑ በዚ ድማ ብድምር 300 ኣሃዱታት ምምሃር ዝሓቖፈ እዩ። ሓደ ትምህርቲ 45 ደቓይቕ ዝወሰድ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ትምህርቲ ኣብ ሓደ እዋን ሓያሎ ኣሃዱታት ትምህርቲ ኣለዉ።



## ከመይ ጌርኩም ኣብ ናይ መጀመርታ ናይ ኦሬንቴሽን ኮርስ ትሳተፉ

ኣብቲ ኮርስ ምክፋል ወለንታዊን ብነጻን እዩ። ናይ መጀመርታ ናይ ኦሬንቴሽን ኮርስ ተገዳስነት እንተሃልዩኩም፡ በጃኹም ኣብ ፌደራል ግዝኣትኩም ነቶም ኮርሳት ዘወሃህድ ወይ ዝህብ ወሃቢ ኣገልግሎት ርኸቡ።

ዝርዝር ናይ ወሃብቲ ኣገልግሎት:- ኮርሳትን ተወሳኺ ሓበሬታ ናይቲ ናይ መጀመርታ ኦሬንቴሽን ኮርስን ኣብዚ ዝሰዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

www.bamf.de/eok https://bamf-navi.bamf.de



## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

## ሕትመት

**ኣሰናዳኢ፤:-**
Bundesamt für Migration und Flüchtlinge
90461 Nürnberg

**ኵነታት:-** 08/2023

**ሕትመት:-** Kern GmbH, Bexbach

**ዲዛይን/ስእሊ:-** KonzeptQuartier GmbH, Fürth

**ናይ ትእዛዝ ኣማራጺ:-**
Publikationsstelle des Bundesamtes für Migration und Flüchtlinge
www.bamf.de/publikationen

እዚ ሕታም እዚ ብቤት ፅሕፈት ፌደራል ስደትን ስደተኛታትን ከም ኣካል ናይቲ ዝሰርሖ ስራሕ ርክብ ህዝቢ ዝሕተም እዩ። እቲ ሕታም ብነጻ ዝቐርብ ኮይኑ ንመሸጣ ዝተዳለወ ኣይኮነን።

በዚ ዝስዕቡ በጽሑና

www.facebook.com/bamf.socialmedia
@BAMF_Dialog
bamf_bund

**Other Language**
**www.bamf.de/publikationen**

**www.bamf.de**